ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

# ዝኽሪ ካልኣይ ዓመት መስዋእቲ
# ሓርበኛ ተጋዳላይ ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም!!

ብጻይናን ሓደ ካብ'ቶም ልሉያት መራሕትናን ተጋዳላይ ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም ካብ ዝስዋእ እነሆ ድሮ ክልተ ዓመት ኣቓጺሩ ይርከብ። ስዉእ ዶር. ሃብተ ብዕለት 13/01/2017 ኣብ ከተማ ቦን (ጀርመን) ድሕሪ ነዊሕ ሕማም ብመሳዋእቲ ተፈልዩና።




ሓርበኛ ስዉእ ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ዕድሜኡ ብምሉኡ ዘወፈየ ሃገራዊ ኢዩ። ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ዓመታዊ ዝኽሪ መስዋእቲ ሓርበኛ ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም የኽብረሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ንሃገራዊ ውርሻ መራሒና ክዕቅቦን፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስን ፍትሕን ንምርግጋጽ ቃልሱ ቀጻሊ ምዃኑ ብምርግጋጽን፣ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍሉ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት ምዃኑ ታሪኻዊ ግድነት ስለ ዝኾነ፣ ንኩሎም ስዋኣትና ቅሰኑ ንብሎም።

ደጊምና ንኽብርቲ በዓልቲ ቤት ስዉእ ዶር. ሃብተ፣ ብጻይትና ኣድያም ተኽሊትን፣ ክቡራት ደቁን ንኩሎም ስድራ ቤቱን ኣባላት ግ.ሃ.ድ.ኤን ከምኡ'ውን ንኩሎም ኤርትራውያን ተቓለስቲ፣ ደጊምና ጽናዓትን ኣኻእሎን ይሃብ ብምባል፣ ብጻይ ዶር. ሃብተን ኩሎም ስውኣትና ዝተቓለስሉ ዕላማታት ብምሉኡ ክሳብ ዝረጋገጽ ቃልና ከነሕንን ምዃንና ቃልና ነሐድስ።

ገድላዊ ታሪኽ ስዉእ ዶር. ሃብተ ንዘልኣለም ኣብ ልብና ነባሪ ኢዩ !!
ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ስውኣትና !!

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
13/01/2019